


# ኣገዳሲ ሓበሬታ ሰላማዊ ሰልፊ ስቶክሆልም
# ሓውመንእሰይ ኤርሚያስ ተኪኤ

መንእሰይ ሓውና ናይ ቃልሲ ብጻይና ኤርሚያስ ተኪኤ ብማሻ ኣብ ከተማኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ካብ'ቲ ኣዕሪፍሉ ዝነበረ ሆቴል ብሰብ ሚዚ ጸጥታ ኢትዮጵያ ተወሲዱ ተባሂሉ። መንእሰይ ኤርሚያስ ተኪኤ ብዘይሓሰቦን ድሌቱን ተወሲዱ ክነሱ ንዓመት መንፈቕን ሕጋዊ ማስላት ተነፊግዎ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ጸጥታ ኢትዮጵያ ይርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመትን ፈረቓን ደሃዩ ንምፍላጥ ዝተኻየደ ጻዕሪ ከምቲ ዝድለ ንጉዳይ ኤርሚያስ ዘጊት ዝሰምዓ ኣካል ኣይተረኽበን። እምበኣር ድምጽና ንምስማዕ ፈተውትን መሓዙትን መቓልስቲ #ኤርምያስ ነበርቲ ሽወደን ኤርትራውያን ኣብዚ ንዕለት 12 ታሕሳስ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሰልፊ፡ ካብ ርሑቕ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ማሕበራዊ ሜራኸቢ ብዙሓት ተጠቒምኩም፡ እቶም ኣብ ከተማ ስቶክሆልምን ከባቢን ትርከቡ ኣብ'ዚ ዝካየድ ሰላማዊ ሰልፊ ክትሳተፉ ትዕደሙ፡

እዚ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ሓውና ኤርሚያስ ተኪኤ ተረኺቡ ዘሎ ሓደጋ ፍታሕ ንምርካብ፡ ሓላፍነት ኩሉ ኤርትራዊ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ በብዓቕሙ ክእለቱን ምስ መሓዙቱን መቓልስቱን ብምትሕብባርን ብምድግጋፍን፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ንዕለት 12 ታሕሳስ 2019 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ተመዲቡ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ቃል ንደገፍ ኤርሚያስ ተኪኤ ከነስምዕ ጸዋዒት ነቕርብ።

ዜናን ሓበሬታን
**ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ**
7 ታሕሳስ 2019